## Union of Tigreans in North America (UTNA)
## ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ)

UTNA
P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
UTNA67@verizon.net

Tel. (202) 265-8702
Fax. (202) 265-8703

05/02/2009

# ናይ ሃገርና ሰላምን ዕብየትን ንምዕጋትን ንምንቃፍን ዝፅዕሩ ኹሎም መወዳእትኦም ዕንወትዩ!

## ካብ፡- ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ዝተዋህበ መግለፂ

ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘስካሕኽሕን ግፍዐኛን ስርዓት ደርጊ ካብ መቦቆሉ ንምምሓው ኩለ መዳያዊ መሪር መስዋእትነት እንትኸፍል ብመተካእታ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዘለዉ ህዝብታት ብማዕርነት፣ ምክብባርን ምትሕግጋዝን ዝተመስረተ ሓድነት ክፈጥሩ ዘኽእል ዘተኣማምን ሕገ-መንግስቲ ብምቕራፅ ሰብኣዊን ዴሞክራሲያዊ መሰላት ክረጋገፁ ከምኡውን ንነዊሕ ዘመናት ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ እናተወራረሰ ዝመፀ ድኽነት ብምጥፋእ ናይ ኢኮኖሚ ምዕባለ ሰናይ ኣርኣያ ንምኳን እትገብሮ ዘላ ህልኽ ዘውድእ ፃዕሪ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ዝርአ ዘሎ ለውጢ ዓለምለኻዊ ትካላት ምስክርነቶም ኣብዝህበሉ እዋን

- ደረጃ መነባብሮ ህዝብና እናተመሓየሸን ስልኪ፣ መብራህቲ፣ መንገዲ፣ ማይ፣ ሕክምናን ትምህርቲን ግልጋሎት ብዝልዓለ መጠንን ካብኡ ሓሊፉ ድማ ፅሬቱ እናተራእየ ምስትኽኻል ኣብ ዝግበረሉ፣
- ኣብ ሃገርና ተፈጢሩ ዘሎ ዘተኣማምን ሰላም ናይ ወፃኢ ሰብሃብቲ ብበዝሒ ክውሕጁ ምኽንያት ኮይኑ ደረጃ ስእነት ስራሕ ናቑነሰ ኣብዝኸደሉ ብሓፈሻ ናይ ሃገርና ጉዕዞ ብሩህ ተስፋ ሰናይን ዘበረታትዕን ጅማሮ ኣብ ዝረኣየሉ ዘሎ ወቕቲ ኣብዚ ሰሙን ዓርሱ ግንቦት 7 ኢሉ ዝሰየመ ተቓዋሚ ውድብ
    - ሀ. ሰላም ሃገርና ንምዝራግ፣ ፀረ ህዝቢ ተግባር ንምፍፃም፣ ራዕዲ ንምፍጣርን ናይታ ሃገር ዝለዓለ ፍልጠት፣ ሃብት፣ጊዜን ጉልበትን ዝፈሰሰሎም ናይ ህዝቢ ትካላት ንምዕናው፣
    - ለ. ናይታ ሃገር ዝለዓሉ ናይ ኣመራርሓ ኣካላት ቕትለት ንምፍፃም፣
    - ሐ. በቢኽባቢኡ ተቐፃፀልቲ ፈንጅታት ብምፅዋድ ህይወትን ንብረትን ንምብራስ ዓሊሙ ብሚስጢር እንትንቀሳቐስ ነዊሕ ርሕቐት እንተይከደ ብፀጥታ ሓይልታት እትዮጵያ ጥበብን ብቕዓትን ብዝመልኦ ኩነታት ግንቦት 7 ዝሓሰቦ እንተየሳኸዐ ቐዲሙ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅሩ ብምእታዉ ዝተሰመዐና ኩርዓት፣ ሞገስን፣ ሓበንን ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ብስም ትግራዋይ ነባራይ ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን ኣባላት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካን ከምኡውን ፈታዊ ሰላም፣ ልምዓትን ምዕባለን፣ ፍትሒን ዴሞክራሲን ዝኾነ ኩሉ ኢትዮጵያዊ እናገለፅና

1. ኣመራርሓ ኣካላት ግንቦት 7 መንገዲ ሰላማዊን ዴሞክራሲያዊን ቃልሲ ገዲፎም ፈጠራ ራዕዲን ጥፍኣትን ከም ዋና ዕላማ ብምሓዝ መነባብርኦም ኣብ ወፃኢ ሃገር ብምግባር ናብርኡ ንሽናፍን ልምዓት ሃገር ንምርግጋፅን ደፋእፋእ ንዝብል ህዝቢ ውሽጢ ዓዲ ኣብ ሓ ቤንዚን እንዳረብረቡ ኣብ ሓዊ ክዳጉኑን ንባዕልቶም ምንም ከይነኽኦም ብህልቂት ህዝቢ ዘባጭዉን ኣማዕዲዮም ክስሕኑ ንዝደልዩ ኹሎም መንግስቲ ግቡእ እዩ ኢሉ ብዝኣምነሉ መንገዲ ብሕጊ ዝሕተትሉ ኩነታት ከመቻችው፣

2. ዝተዋህቦም ናይ ህዝብን መንግስትን ሓላፍነትን ሓደራን ብምኽሓድን ንጎኒ ብምግዳፍን ኣብ ፀረ ህዝቢ ተግባር ተዋፊሮም ሕማኽ ኣርኣያ ንዝኾኑ ጠላማት ሹመኛታትን ውልቀሰባትን መንግስቲና ግቡእ ስጉምቲ ክወስደሎም፣
3. ኣብ መላእ ክፍላተ ዓለም ብፍላይ ድማ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን ዝርከብ ናይ ሃገርና ኢትዮጵያ ሰላም፣ ዕብየትን ልምዓትን ፍትሕን ዴሞክራሲን ሰናይ ራእይን ድሌትን ዘለዎ ፈታዊ ዓዱ ኢትዮጵያዊ ኹሉ ብህይወት እንትህሉ ዘይሩ መእተዊኡ ናይ ሰላም ፍቕርን ሰናይ ባህልን መሰረት፣ ናይ ብዙሓት ብሄር ብሄረሰባት ውህደትን ሓድነትን መርኣያ ክትኾን ዝደሊ ህይወቱ እንትሓልፍ ድማ መቕበሪኡ ክብርቲ መሬቱ ምኳና ንዝኣምን ኹሉ ናይ ሃገርና ኩለመዳያዊ ዕብየትን ለውጥን ንዝፈታተኑን ኣብ ተግባር ራዕዲ ንዝሳተፉን ብሙሉኦም ቅልፅሙ ኣተሓባቢሩ በብዘለዎ ንኽቃለሶም ብስም ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ፃውዒትና እናመሓላለፍና ኣብ መወዳእታ በዚ ኣጋጣሚ ሓደጋ መሸበርቲ ንምምካት ኣብ ዝግበር ርብርብ ዓቕምና ዝፈቐዶ ኹሉ ንምፍፃም ኣብ ጎኒ ህዝብናን መንግስትናን ጠጠው ከምእንብል ብኽብሪ ንገልፅ፡፡

ዕንወት ንፀረ-ህዝቢን ፈጠርቲ ራዕዲን!!

ማእኸላይ ቤ/ፅሕፈት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ዋሽንግተን ዲሲ
ሜይ /02/2009